**ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ**
**ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ**
**THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI**
**PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT**

ዕለት: 07/02/2017
Date:
ቑፅሪ: 01/560/59/17
Ref.No:

**ናብ ኩለን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ**
**<u>ኣብ ዘለዋኦ</u>**

**ዋኒኑ:- <u>መምርሒ</u> ኣከፋፍላ ትርፊ ሰዓት <u>ምልኣኽ ይምልከት</u>**

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከም ዝተሓበረ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ሓይሊ ሰበንን በጀትንን ዓርሰን ኽኢለን ከመሓድራ ብኣዋጅ ቑፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28 ብዝተውሃበን ስልጣን መሰረት ንሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ መምርሒ ኣከፋፍላ ትርፊ ሰዓት ቁፅሪ 3/2017 ዓ/ም ዝወፅአ 8 ገፅ ዝሓዘ መምርሒ ምስ እዚ መሰነይታ ደብዳበ ተላኢኹ ኣሎ::

ስለዚ ካብ ዕለት 01/02/2017 ዓ/ም ጀሚሩ በቲ መምርሒ መሰረት ክፍፀምን ብቕዳሕ ክትፈልጥዎ ዝተገበረልኹም እውን ሓላፍነት ወሲድኹም ክትፍፅሙ የፍልጥ::

ምስ ሰላምታ

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገ/ተኽለ
ፕሬዚደንት
Tsegai Berhane Ghebretekle (PhD)
President

**<u>ቅዳሕ</u>**

- ንሓላፊት ቤት ፅሕፈት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ
- ንኩልኹም ዳይሬክቶሬት ዳይሬክተራት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

TEL 0344-411204,0344-404312
POBOX 328
መቐለ ትግራይ ኢትዮጵያ
FAX 0344- 404301

# መምርሒ ኣፈፃፅማ ክፍሊት ትርፊ ሰዓት
# ስራሕ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብ/ክ/መ/ትግራይ
# ቁፅሪ 03/2017 ዓ/ም

ጥቅምቲ 2017 ዓ/ም
መቐለ

## ክፍሊ ሓደ

### መእተዊ

ማሕበረሰብ ኣብያተ ፍርዲ ክ/ትግራይ ካብ ስሩዕ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ንስራሕ ኣብያተ ፍርዲ ክብሉ ንምግቢ፣ መደቀስን ካልኡት ወፃኢታትን ዘዉፅእዎ ወፃኢ ብትርፊ ስራሕ ሰዓት ክፍሊት ክሽፈን ዘለዎ፤ እዚ ማለት ኣብ እዋን ዕረፍቲ ግዜ፣ ቀዳምን ሰንበትን፣ ህዝባውን ሃይማኖታዊ በዓላትን ንስራሕ ኣብያተ ፍርዲ ክበሃል ናብ ስራሕ ዝኣትዉ ሰራሕተኛታት ኣብ ስራሕ ኾይኖም ዘዉፅእዎም ወፃኢታት ምግቢ፤ ትራንስፖርት ምሽፋን ስለ ዝግባእ ኣድላዪ ይገብሮ፡፡

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ሓሳብ መበገሲ ብምግባር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ብኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28/5 መሰረት ኣዋህባ ግልጋሎት ዳይነት ቤት ፍርዲ ዝምልከት ሕግታትን መምርሕታትን ኣሰራርሓታትን ንምውፃእ ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት መምርሒ ኣከፋፍላ ትርፊ ሰዓት ከውፅእ ኣገዳሲ ኾይኑ ኣሎ፡፡

### ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ

እዚ መምርሒ ኣገባብ ኣከፋፍላ ትርፊ ሰዓት ማሕበረሰብ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 3/2017 ተባሂሉ ክጥቐስ ይኽእል እዩ፡፡

### ዓንቀፅ 2 ትርጉም

ኣጠቓቕማ ቓል ካልእ ትርጉም ዘውህቦ እንተዘይኾይኑ ኣብ ዉሽጢ እዚ መምርሒ፡-

1. **ደንቢ ማለት** መተሓዳደሪ ሲቪል ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቑፅሪ 01/2016ዓ/ም እዩ፡፡
2. **ሰራሕተኛ ቤት ፍርዲ ማለት** ኣብ ስራሕ ዘሎን ዝምልከቶ ኣካል ቐሪፁ ብዘፅድቖ መሓዉር መሰረት ዝቑፀርን ሰራሕተኛ ኾይኑ ብሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መመሓደሪ ሰራሕተኛ ዝመሓደር እዩ፡፡
3. **መሃያ ማለት** ኣብ ሓደ ብርኪ ስራሕ ንዝተመደቡ ክፉላት ስራሕ ዝተወሰነ መበገሲ ክፍሊትን በብእዋኑ ዝወሃቡ ወሰኽን እዩ፡፡

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤት ፅሕፈት ፕሬዚደንት
Tigrai Region Supreme Court President Office

4. **ስሩዕ ስራሕ ግዘ ማለት** ብመዓልቲ 8 ሰዓትን ኣብ ሰሙን /39 ናይ ስራሕ ሰዓት ማለት እዩ፡፡
5. **ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት ማለት** ሰዓት ስራሕ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፍርዲ ከከም ባህሪ ስራሕ ዝውሰን ኾይኑ ኣብ ሰሙን 39 ሰዓት እዩ፡፡
6. **ትርፊ ሰዓት ስራሕ ማለት** ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ካብ ስሩዕ ሰዓት ወፃኢ ዝስራሕ ስራሕ ማት እዩ፡፡
7. **ትርፊ ሰዓት ስራሕ ናይ ክፍሊት ሒሳብ ኣሰላልሓ ማለት** ስቪል ሰራሕተኛ ኣብያተ ፍርዲ ካብ ዝተተመነ ዝሕሰብ ኣሰላልሓ ሒሳብ እዩ፡፡
8. **ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ማለት** ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ዘዉፅኦ ደንቢ ስቪል ሰራሕተኛ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት ብላዕሊ ዝተሰርሐ ስራሕ ብስዓት ተሓሲቡ ንሰራሕተኛ ዝኽፈል ገንዘብ እዩ፡፡
9. **መካሓሓሲ ዕረፍቲ ማለት** ኣብ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝሰርሐ ስቪል ሰራሕተኛ ቤት ፍርዲ ዝወሃብ ዕረፍቲ ማለት እዩ፡፡

**ዓንቀፅ 3. ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንዝሰርሑ ስቪል ሰራሕተኛታት ጥራሕ ተፈፃሚ ይኸዉን፡፡

**ዓንቀፀ 4. ኣገላልፃ ፆታ**

ኣብዚ ደንቢ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንደቂ ኣንስትዮ እውን ይገልፅ፡፡

**ዓንቀፅ 5. ዕላማ መምርሒ**

ቀንዲ ዕላማ እዚ መምርሒ ብባህሪ ስራሕ ምኽንያት ካብቲ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ብኣገዳድቲ ምኽንያታት ኣብ ኣብያተ ፍርዲ ዝስረሑ ስራሕቲ ብእዋኑ ብዝቐልጠፈን ኣገባብ ንምስራሕ ዝተወሃቦም ተግባርን ሓላፍነትን ንክዋፅኡ ምቹዉ ኩነታት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ፡፡

## ክፍሊ ክልተ

## ኣገባብ ኣፈፃፅማ ክፍሊት ትርፊ ሰዓት

### ዓንቀፅ 6. ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝፍቀደሉም ኩነታት

ናይ ኣብያተ ፍርዲ ስራሕ ናይቲ ስራሕ ባህሪ ዘገድድ ኩነታት ተዘይሃልዩ ዝርዝር ትልሚ ወፂኡሉ በቲ ትልሚ መሰረት ኣብ ስሩዕ ስራሕ ሰዓት ተሰሪሑ ክዉዳእ ይግባእ፡፡ በዚ ክሽፈን እንተዘይኽኢሉ ግን ብኽፍሊት ትርፊ ሰዓት ከም ዝስዕብ ይፍፀም፡፡

1. ኣብ ዝኾነ ቤት ፍርዲ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ተፈፃሚ ዝኸዉን በብ ደረጅኡ ዘሎ ፕረዚደንት ወይ ም/ፕረዚደንት ወይ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ኣቐዲሙ እንትፍቀድ ጥራሕ እዩ፤
2. ናይዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተሓገገ ከም ዘሎ ኾይኑ ዝኾነ ቤት ፍርዲ
   ሀ. ብሃንደበት ዝበፅሐ ፍሉይ ሓደጋ ንምክልኻል ወይ ክበፅሕ ዝኽእል ጉድኣት ንምክልኻል ዘገድድ ኩነታት እንትፍጠር፤
   ለ. ካብ ዓቕሚ ንላዕሊ ዝኾነ ኩነታት እንተጋጥምን ሰራሕተኛ ንምስራሕ ፍቓደኛ እንትኾንን፤
   ሐ. ምስ ገደብ ስራሕ ዝተተሓሓዘ ኣብ ስሩዕ ስራሕ ግዘ ክዉዳእ ዘይኽእል ኣፃዳፊ ስራሕ እንተጋጥም፤
   መ. ናይ ስራሕ በዝሕን ናይ ሰብ ሓይልን ብዘይ ምምጥጣኖም ዝተለዓለ ኣብ ግዚኡ ክዉዳእ ዝግበኦ ስራሕ ንምውዳእ፤
   ሰ. ፍሉይ ናይ ስራሕ ባህሪ ምኽንያት ዝፍጠሩ ኣገደድቲ ስራሕቲ ንምስራሕ፤
   ረ. ክቋረፅ ዘይኽእል ተኸታታሊ ስራሕ ከም መጋባእያ እንትኸፈት ዝበሉ ስራሕቲ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ምስራሕ ይካኣል እዩ፡፡

### ዓንቐፅ 7. ከም ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝቑፀሩ ስራሕቲ

1. ኣግባብ ብዘለዎ ላዕለዋይ ሓላፊ ክይፈቐደ ካብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ዝሰረሐ፤
2. ካብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ዝወሃብ ስልጠና፤

3. ሹፈራት ኣብ ዝኾነ ግዜ ግልጋሎት ናይ ምሃብ ግቡእ ኣለዎም፡፡ በብ ወርሑ ምስ ስሩዕ መሃየኦም ዉሱን ኣበል ዝወሃብ ክፍሊት ናይ ትርፊ ሰዓት መካሓሓሲ ታሓሳቢ ተገይሩ ስለ ዝኾነ፣ ተወሳኺ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ክፍሊት ኣይህልዎምን፡፡

4. ብደንቢ ስቪል ሰራሕተኛ ቁፅሪ 01/2016 ዓ/ም ስቪል ሰራሕተኛ ኣብያተፍርዲ ናይ ስራሕ ሰዓት ከከም ስራሕ ኩነታቱ ዝፈላለ እኻ እንተኾነ፣ ብሰሙን 39 ሰዓት ክበልፅ የብሉን ኢሉ ይሕግግ፡፡ በዚ ደንቢ መሰረት ዋርድያ 24 ሰዓት ሰሪሑ 48 ሰዓት ክዕርፍ ይግባእ፡፡ ስለዚ ኣብ ሓደ ወርሒ ልዕሊ 120 ሰዓት ምኽፋል ስለ ዘይፍቐድ ናይ ዋርድያ ስራሕ ብትርፊ ሰዓት ክፍሊት ክፍፀም ኣይኽእልን፡፡ ከም መፍትሒ ግና ዘድሊ ሓይሊ ሰብ እቲ ቤት ፍርዲ ናይ መምላእ ግቡእ ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 8. ናይ ሹፌራት ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣበል ክፍሊት

1. ሽፌራት ምስ ስርሖም ፍሉይ ባህሪ ተተሓሒዙ ሹፌራት ፕረዝደንትን ፕሮቶኮል ፕረዚደንትን ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣበል ክፍሊት 2000/ ክልተ ሽሕ/ ብር ጥራሕ፣
2. ናይ ም/ፕረዝደንት ሽፌራት ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣበል ክፍሊት /1500/ ሓደ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን/ ብር ጥራሕ፣
3. ናይ ቤት ፅሕፈት ዳ/ምም/ር ጉባኤን ቤት ፅሕፈት ሓላፊትን ሹፈራት ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣበል ክፍሊት 1200 /ሓደ ሽሕን ክልተ ሚእትን/ ብር ጥራሕ፣
4. ናይ መተሓባበርቲ መጋባእያን ዳይሬክተራትን ሹፈራት ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣበል ክፍሊት 1000/ሓደ ሽሕ/ ብር ጥራሕ ክኸፍሉ ይግባእ፡፡ እዞም ኣብላዕሊ ዝተዘርዘሩ ክፍሊት ትርፊ ሰዓት ናይ ሓለፍቲ ሹፈራት በቢ ወርሑ ምእዛዝ እንተይ ኣድለየ ምስ መሃያኦም ተደሚሩ ክኸፈሎም ኣለዎ፡፡

## ዓንቀፅ 9. ኣቀራርባ ሕቶ ትርፊ ሰዓት

1. ዝኾነ ዳይሬክተር ወይ መራሒ ጉጅለ ኣብዚ መምርሒ ዓንቀፅ 6 ካብ ዝተዘርዘሩ ሓዲኡ ተፈጢሩ እዩ ኢሉ እንትኣምን፣ ሰራሕተኛ ብትርፊ ሰዓት ክሰርሖ ኣለዎ ኢሉ እንትኣምን እቲ ሕቶ ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝደንት ወይ ምክትል ፕረዝደንት ወይ ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ብፅሑፍ የቕርብ፡፡

2. ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ንክፍቀድ ሕቶ እንትቐርብ እዞም ዝስዕቡ ኣብ ግምት ክኣትዉ ይግባእ፡-

ሀ. እቲ ስራሕ ኣብ ስሩዕ ስራሕ ሰዓት ክስራሕ ዘይከኣለሉ ምኽንያት፤

ለ. ብትርፊ ሰዓት ክሰርሑ ዝተደለዩ ሰራሕተኛታት ብዝሓትን ሽም ዝርዝርን፤

ሐ. እቶም ሰራሕተኛ ዝተመደቡሉ ናይ ስራሕ መደብ መፀዊዕን ብርክን፤

መ. ወርሓዊ መሃያ ሰራሕተኛ፤

ሰ. ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝጅመረሉን ዝዉደኣሉን ግዘ ከምኡ እዉን እቲ ስራሕ ካብ ሸዉዓተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብላዕሊ ዝወስድን ድሕሪ ዝተወሰነ መዓልቲ ዝዉዳእን እንተኾይኑ ናይቲ ስራሕ ተግባር ዘርኢ ናይ ግዘ ፕሮግራም ግልፂ ኾይኑ ክቐረቡ ይግባእ፡፡

**ዓንቐፅ 10፡- ናይ ኣብያተ ፍርዲ ዳይሬክተር ወይ ቐረባ ሓላፊ**

1. ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ንክስራሕ እንትፈቀድ እቲ ስራሕ ብዝነኣሰ ናይ ሰብ ሓይሊ ወፃኢ ዝፍፀመሉ መንገዲ ይሕንፀፅ፡፡
2. ብትርፊ ሰዓት ንክስራሕ ዝተፈቐደ ስራሕ ዉፅኢቱን ብዝተቐመጠሉ ግዘ መሰረት ምፍፃሙ ይቆፃፀር፤ ዝተፈቐደ ናይ ትርፊ ሰዓት ክፊሊት ዝክኣል ምኻኑ የረጋግፅ፡፡
3. ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝለዓለ ወፃኢ ከስዕብ ስለ ዝኽእል፤ ኣብ ትርፊ ሰዓት ኣፈፃፅማ ሓላፍነት ዝተመልአ ቑፅፅርን ክትትልን ክግበር ይግባእ፡፡
4. ኣብ ስሩዕ ስራሕ ሰዓት ክስራሕ ዝኽእል ስራሕ ብትርፊ ስራሕ ክስራሕ ምግባር ኣግባብነት የብሉን፡፡
5. ሓደ ሰራሕተኛ ብሓደ ወርሒ ዉሽጢ ካብ 120 ሰዓት ብላዕሊ ክሰርሕ የብሉን፡፡
6. ስልጣን ብዘለዎ ቤት ዕዩ ወይ ቤት ፅሕፈት እዚ መምርሒ ኣብ ስራሕ ምዉዓሉ ወይ ንትርፊ ሰዓት ክፍሊት ዝወፀ ወፃኢ ሒሳብ ንምምርማር ሕቶ እንትቐርብ ንምርመራ ዝሕግዙ ሰነዳት ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡
7. ብትርፊ ሰዓት ዝስራሕ መጠን ሰዓት ብትኽክል ዝተሰርሐ ምኻኑ ኣብቲ ስራሕ ቦታ ብዘሎ ዝምልከቶ ናይ ቐረባ ሓላፊ ተረጋጊፁ ብላዕዐዋይ ሓላፊ ተመሪሑ ናብ ዳሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ይለኣኽ፡፡ እቲ ዳሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ዳሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ይለኣኽ፡፡ እቲ ዳሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ክፃርን ከረጋግፅን ዝግቦኦም ነገራት ኣረጋጊፁ ክፍሊት ክፍፀም ናብ ዳሬክተር ፋይናንስ ምምሕዳር ደብዳበ ይፅሕፍ፡፡ በዚ መሰረት ዳ/ፋይናንስን ምምሕዳር ድማ

ክፍሊት ትርፊ ሰዓት ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ካብ ዝሰረሐሉ ወርሒ ቀጺላ ኣብ ዘላ ወርሒ ኣብ መሃያ መኸፈሊ ግዘ ይፍፀም፡፡

8. በቢ ብርኩ ዘለው ኣካላት ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣፈፃፅማ ብበጀት ዓመቱ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝስርሑ ሰራሕተኛ በዝሕን ዝተኸፈለ መጠን ገንዘብን ኣብ መወዳእታ በጀት ዓመት ፀብፃብ ተዳልዩ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዚደንት ክቐርብ ይግባእ፡፡

9. ዳሬክተር ፋይናንስ ምምሕዳር ዝኸፍሉ ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊታት ብመምርሒ መሰረት ስራሕ ግብሪ ክቖርፅሎም ኣለዎ፡፡

**ዓንቀፅ 11. ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ኣሰላልሓን ክፍሊትን**

1. ሓደ ሰራሕተኛ ብወርሒ ዝረኽቦ መሃያ ን30 መዓልቲ ተኻፊሉ ብሓደ መዓልቲ ዝረኽቦ መሃያ ድማ ን8 ሰዓት ተኻፊሉ ብሓደ ሰዓት ዝኸፍሎ መጠን መሃያ ይወሃቦ፡፡ በዚ መሰረት ሓደ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ዝሰርሐ ስራሕተኛ እንተነኣሰ ምስ ስሩዕ መሃይኡ ብተወሳኺ:-

   ሀ. ካብ ወጋሕታ 12፡00 ክሳብ ምሸት 4፡00 ሰዓት ዝሰርሐ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ንሱሩዕ ስራሕ ብሰዓት ዝኸፍሎ መሃያ ብ1.25 ተባዚሑ ይኸፈል፡፡

   ለ. ብስራሕ ግዘ ካብ ምሸት 4፡00 ክሳብ ኣጋ ወጋሕታ 12፡00 ዝሰርሐ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ብሰዓት ዝክፈሎ መሃያ ብ1.5 ተባዚሑ ይኸፈል፡፡

   ሐ. ኣብ ሰሙናዊ ዕረፍቲ ግዘ ዝስራሕ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ብሰዓት ዝኸፈሎ መሃያ ብ2፡00 ተባዙሑ ይኸፈል፡፡

   መ. ኣብ ናይ ህዝቢ በዓላት ግዘ ዝስራሕ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ብሰዓት ዝኸፈል መሃያ ብ2.50 ተባዚሑ ይወሃቦ፡፡

**ዓንቀፅ 12. ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ዘይኸፈለሎም ኩነታት**

1. ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ስራሕ ምስተሰረሐ ኣብ ዉሽጢ 3 ወርሒ ዉሽጢ ክኸፈል ይግባእ፡፡
2. ኣብ 3 ወርሒ ዉሽጢ ዘይተኸፈለ ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት ሕቶ ክቐርብ ኣይክእልን፡፡

**ዓንቐፅ 13. ኣብ ትርፊ ሰዓት ስራሕ ኣወፋፍራ ግደ ሓለፍቲ**

1. ብትርፊ ሰዓት ክስራሕ ዝግበኦ ስራሕ ብምንፃር ንላዕለዎት ሓለፍቲ ብፅሑፍ ብምፍቓድን ምስ ተፈቐደ ጥቡቕ ክትትል ብምግባር ክፍፀም ኣለዎ፡፡ ናይ ኩሎም ዳይሬክተራትን ዝምልከቶም ካልኦት ሓለፍትን ሓላፍነት ይኸውን፤ ኣብዚ ዝፍጠር ፀገም ድማ ተሓተቲ ይኾኑ፡፡
2. ዳይሬክተር ልምዓታዊ ትልሚ ነቲ ቤት ፅዮ ዘድሊ ናይ ትርፊ ሰዓት ክፍሊት መፈፀሚ በጀት ዓመታዊ ክተሓዝ ይገብር፡፡ ዝድሊ በጀት በቢ ዝርፊ ስርሑ ሕቶ በጀት እንትቐርብ ምስ ፕሬዝደንት ብምምኽኻር ክተሓዝ ይገብር፡፡ ኣብዚ ዝፍጠር ክፍተት ድማ ተሓታቲ ይኸውን፡፡
3. ዳይሬክተር ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ ሕድ ሕድ ናይ ትርፊ ሰዓት ስራሕቲ ብጥቡቕ ይቆፃፀር፡፡ ብሓለፍቲ ዝተፈቐደ ስራሕ ምኻኑ ብምፅራይ ኣድለይቲ መረዳእታታት ብምሓዝ ክፍሊት ንኽፍፀም ናብ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ቐሪቡ ክምራሕ ብምግባር ናብ ዳይሬክተር ፋይናንስ ምምሕዳር ክእዘዝ ይገብር፤ ኣብዚ ዝፍጠር ምጉታት ድማ ተሓታቲ ይኸውን፡፡
4. ዳይሬክተር ምምሕዳር መንግስታዊ ፋይናንስ እዞም ኣብ ቑፅሪ ሓደ፣ ክልተን ሰለስተን ዝተገለፁ ተግባራት ዝተማልኡ ምኻኖም ብምርግጋፅ ብደንብን መምርሕን ኣፈፃፅማ ክፍሊት መንግስታዊ ፋይናንስን መሰረት ክፍሊት ክፍፀም ይገብር፡፡ ኣብዚ ዝፍጠር ክፍተት ድማ ተሓታቲ ይኸውን፡፡

**ዓንቀፅ 14. ተሓታትነት ዝምልከት**

1. ኣብዚ መምርሒ እዚኦ ዝተደንገጉ ሓላፍነታት ዘይምፍፃም፤ ንባዕልኻ ይኹን ንካልኦት ዘይግቡእ ረብሓ ንምርካብ ምንቅስቓስ ዝፈፀመ ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ብዝመሓደረሉ ሕጊ ብዲስፕሊን ተሓታቲ ይኸውን፡፡
2. ዝኾነ ሓላፊ ወይ ሰራሕተኛ ብዝፈፀሞ መጠን ጥፍኣት ብከቢድ ወይ ብቐሊል ቅፅዓት ጉድለት ስነ ምግባር ይቕፃዕ፡፡
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ /1/ን/2/ን ዝተሓገጉ ሕልዋት ኾይኖም እቲ ዝተፈፀመ ጉድለት ብገበንን ብፍትሃብሄርን ዘሕትት እንተኾይኑ ዝተወሰደ ስጉምቲ ድስፕሊን ካብ ተሓታትነት ዘትርፎ ኣይኾነን፡፡

**ዓንቀፅ 15. ምምሕያሽ እዚ መምርሒ**

እዚ መምርሒ ህልዊ ምዕባለን ኩነታትን ብምግምጋም ኣብ ዝኾነ ግዘ ብፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክመሓየሽ ይኽእል፡፡

**ዓንቀፅ 16. እዚ መምርሒ ዝፀንዐሉ ጊዜ**

እዚ መምርሒ ብፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 27/01/ 2017 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸውን።

ፀጋይ ብርሃነ /ዶ/ር/

ፕሬዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

**መቐለ**